# ጸሎት መቝጸርያ

ዓለም ንሓሶት ብምድግጋም ሰባት ከም ሓቂ ክቕበልዎ ትገብር

ጸሎት መቝጸርያ ነቲ ወንጌል ሓቂ ብምድግጋም ኣብ ልባትና ከም ዝሓትም ይገብር

## ንኡስ ወንጌል
## ኣስተንትኖ ምሥጢራት ድሕነትና



## 1. መእተዊ

እቲ ዝበለጸ መግለጺ ጸሎት መቝጸርያ፡ "ኣስተንትኖ ጉዕዞ ምድራዊ ሕይወት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ" ምዃኑ እዩ። ጸላዪ ምስ ማርያም ዚገብሮ ጉዕዞ ስብከተ ወንጌል እዩ። ኩሉ ሰብ ኪጽልዮ ዚኽእል ዓይነት ጸሎት እዩ። ቐሊል ንገርሀናታት ዚኸውን ጸሎት ክነሱ ንሊቃውንቲ ቃል ኣምላኽ ዜጥሕል ምስጢራት ድኅነትና ዚሓዘ'ውን እዩ። ሓዋርያት ዝገደፉልና ጸሎት ሃይማኖት ወይ ናይ ክርስትና ዓናቕጽ ሃይማኖት እናሓሰብና ጸሎትና ንጅምር። ካብኡ ቀጺልና ደጋጊምና እንጽልዮም ጸሎታት ሰለስተ እዮም፡- 1) እቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝመሃረና ጸሎት "ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር ---" (ማቴ 6፡9-13) ንጽሊ፣ 2) ካብኡ ቀጺልና ዓሰርተ **"ሰላም ንኣኺ" ንጽሊ።** እዚ ጸሎት ካብ ወንጌል ዝተወስደ፡ "ሰላም ንኣኺ ኣ ምልእተ ጸጋ፡ እግዚኣብሔር ምሳኺ እዩ፡ ንስኺ ካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ --- እቲ ካብ ኬርስኺ ዚውለድ ሕጻንውን ዝተባረኸ እዩ፣ ኣ ቅድስቲ (ብጽዕቲ) ማርያም" (ሉቃ 1፡28, 42, 48) ኣደ ኣምላኽ (ክርስቶስ ስለ ዝወለደትልና) ለምንልና ንዓና ንኃጥኣን" እናበልና ንጽሊ፣ 3) ብስብሓት ንኣብነ ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ከኣ ሓደ ምዕራፍ ጸሎትና ንዛዝም። ኣብ መጀመርታ ናይዞም ዚደጋገሙ ጸሎታት ከኣ ካብ ወንጌል እንወስዶም ኣስተንትኖታት ኣለዉ። እዚኣቶም ኣብ ሓደ መቍጸርያ 5 ምዕራፋት (ነናይ 10 ሰላም ንኣኺ) ኣለዉ፣ ኣብ ነፍሲወከፍ ምዕራፍ ክንጅምር ከሎና በቲ ናይቲ መዓልቲ ካብ ወንጌል ዝተወስደ ኣስተንትኖ ንጅምር።

እቲ ምድግጋም - ገለ ሊቃውንቲ ከም ዚገልጹልና - ከምቲ መነኮሳትን ካህናትን 150 ምዕራፋት ዚሓዘ መዝሙር ዳዊት ኣብ ሓደ ሰሙን ዝጽልዩ፣ እቶም ዘይተማህሩ ምእመናን ከኣ 150 ሰላም ንኣኺ ኣምሰያኦም ኣብ ሰሙን ከም ዝጽልዩ ተገይሩ ይብሉ። ሎሚ ናይ ብርሃን ምስጢር ስለ ዝተወሰኸ፡ እቲ ቍጽሪ ናብ 200 ሰላም ነኣኺ ክብ ኢሉ። ብካልእ ኣዘራርባ፡ ነታ **ናይ ድሕነትና ህሞት** (እግዚኣብሔር ኣብን፡ ወልድን፡ መ- ቅዱስን፡ እቲ ናብ ማርያም ዝተላእከ ቅ- ገብርኤል መልኣኽን፡ ማርያምን ዝራኸቡላ ግዜ) ደጋጊምና ንሓስብን ንጽልን። ነቲ ዘደንቕን ኪንርድኦ

ዘይንኽእልን ምሥጢረ-ስጋዌ ንጥምት። ነቲ ዳግማይ ኣዳምን ዳግማዊት ሔዋንን ኣብ ምድሪ ዚግለጹላን፡ እቲ መስሓቲ ተመን ርእሱ ዝጭፍለቐላ ሰዓት ብምብጽሓ ንሕጕስ። ነታ ኣምላኽ ዝኸብረላን፡ ደቂ ሰብ ዚድኅኑላን ሰዓት ብኣንክሮ ንሓስብ። ነዚ ዓይነት ኣምልኾ ቤተክርስቲያን ሕይወታ እያ ገይራቶ። "መልኣክ እግዚኣብሔር" ዚብል ጸሎት ምሉእ መዓልቲ ብተደጋጋሚ እትጽልዮ ጸሎት እዩ (ንግሆ፡ ፍርቂ መዓልቲ፡ ምሸትን)። ካብዚ ሓሊፍና ነዚ ጸሎት ምስቲ ማእከል ናይ ሥርዓተ ኣምልኾና ዝኾነ **"መስዋዕቲ ቅዳሴ"** ከነዛምዶ ንኽእል ኢና። ከመይሲ እቲ ኣብ ከርሲ ማርያም ዝወረደ መድኃኒ ዓለም፡ ስለ እታ ናይ ድኅነት መስዋዕቲ መስቀል ስለ ዝኾነ። እቲ ናብ እግዚኣብሔር ዚቐርብ ጥዑም ሽታን ምሉእ መስዋዕቲ ምስጋናን ስለ ዝኾነ። ስለዚ ዕምቈት እዚ ጸሎትዚ ምእንቲ ክንርዳእ መንፈስ ቅዱስ ኬብርሃልና ክንጽሊ ይግብኣና። ብምሉኡ ቃል እምላኽ እዩ። ዚነዓቕ ወይ ዚድርበ የብሉን። እቲ "መቑጻርያ" ዚብል ስም ነቲ ተሰኪምዎ ዘሎ ዕብየት ዚገልጽ ኣይኮነን፣ ከመይ ናብቲ እንቆጽረሉ ግዙፍ ኣዕናቑ ስለ ዚትኩር። እዚ ጸሎት እዚ ግና **"ጸሎት ኣስተንትኖ ምሥጢራት ድኅነትና"** ወይ **ኣዕናቑ ድኅነትና** እዩ። ከመይ በቲ ዘገርም ጥበቡ እግዚኣብሔር (ኣቦን፡ ወልድን፡ መ- ቅዱስን) ዚሰርሖ ተግባር ድኅነትና ኢና እነድንቕ ወይ ብተግባሩ እነምልኾን እነመስግኖን። እቲ ኣንጒዑ ንሱ እዩ። በዚ ኣተሓሳስባን ኣተናን ኢና ከኣ ነዚ ጸሎት እዚ ክንገብሮ ዘሎና።

## ንኡስ ወንጌል

ጸሎተ መቑጻርያ ካብ ኢየሱስ ዝተንጸንሰሉ ግዜ ክሳዕ ንሰማይ ዝዓረገሉ ዝዚርጋሕ ኲሉ ሕይወት ናይ መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ሓደ ሰሙን ከም እነስተንትን ይገብረና። እዚ ማለት ሓደ ኣብ ሰሙን ንሙሉእ መቑጻርያ ዚጽሊ ሰብ፡ ንወንጌል ሰሙን ሰሙን ደጋጊሙ የስተንትኖ ኣሎ ማለት እዩ። ብካልእ ኣዘራርባ ንሕይወት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ማርያም ኣዴና እታ ምስኡ ዝተጓዕዘት ወላዲቱ ነስተንትኖ ኣሎና ማለት እዩ። ኣብ ወንጌል ጥሒልና ንነብር ማለት እዩ። እዚ ግና ከምቲ ማርያም ንኲሉ ኣብ ልባ ትዓቝሮ ዝነረት፣ ንሕና ከኣ ነቲ ቃል ወንጌል ኣብ ልብና ክንዓቝሮ ከሎና ንሕይወትና ይልውጦ። ኣቲ ጒዕዞ ወንጌል ከኣ ኣብ ኣርባዕተ ክፍሊ ከፊልና ነስተንትኖ። እዚኣቶም **ናይ ደስታ፡ ናይ ብርሃን፡ ናይ ሕማም፡ ናይ ክብርን** ኢልና ንኽፍሎም። ትሕዝቶኦም ከኣ ነዚ ዚስዕብ ይመስል፡-

1. **ናይ ደስታ ምሥጢር፡-**
    - ገብርኤል መልኣኽ ንማርያም ከም ዘበሰራ (ሉቃ 1፡26-38)
    - ማርያም ንኤልሳቢጥ ከም ዝበጽሓታ (ሉቃ 1፡38-45)
    - ኢየሱስ ኣብ ቤተልሔም ኣብ መብልዕ ማል ፍርቂ-ለይቲ ከም ዝተወልደ (ሉቃ 2፡1-7)
    - ማርያምን ዮሴፍን ንኢየሱስ ሕፃን ከም ሕጊ ሙሴ ንቤተመቕደስ ኣብ 40 መዓልቱ ከም ዘወፈይዎ (ሉቃ 2፡22-40)
    - ኢየሱስ ወዲ 12 ዓመት ኮይኑ ኣብ ቤተ መቕደስ ኣብ ማእከል ሊቃውንቲ ብቃል ኣምላኽ ኪሰምዖምን ኪሓቶም ከም ዝተረኽበ (ሉቃ 2፡41-52)።
2. **ናይ ብርሃን ምሥጢር፡-**
    - ኢየሱስ ኣብ ሩባ ዮርዳን ብዮሓንስ ከም ዝተጠመቐ (ማቴ 3፡13-17)
    - ኢየሱስ ኣብ መርዓ ናይ ቃና ዘገሊላ ንማይ ናብ ወይኒ ከም ዝቐየረ (ዮሓ 2፡1-11)
    - "መንግስቲ ኣምላኽ ከኣ ቐሪባ እያ እሞ ተነስሑ" እናበለ ኢየሱስ ወንጌል ኪሰብኽ ከም ዝጀመረ (ማር 1፡14-15)
    - ኢየሱስ ኣብ እምባ ደብረ ታቦር ትርኢቱ ከም ዝተለወጠን ሰማያዊ ክብሩ ንሰለስተ ሓዋርያቱ ከም ዝገለጾን (ማር 9፡1-9)
    - ኢየሱስ ቅዱስ ቊርባን ከም ዝሰርዐ (ሉቃ 22፡14-20)።
3. **ናይ ሕማም ምሥጢር**
    - ኢየሱስ ደም ክሳዕ ዚርሀጽ ምእንታና ኣብ ደብረ ዘይቲ ከም ዝጸለየ (ማቴ 26፡36-46)
    - ኢየሱስ ምእንታና ከም ዝተገርፈ (ዮሓ 19፡1)
    - ኢየሱስ ኣኽሊል እሾኽ ከም ዝተቐበለ (ዮሓ 19፡2-3)
    - ኢየሱስ ዕንጸይቲ መስቀል ከም ዝተሸከመ (ማር 15፡8-15)
    - ኢየሱስ ኣብ መስቀል ተሸንኪሩ ምእንቲ ኃጢኣትና ከም ዝሞተ (ማር 15፡3341, ማቴ 27፡45-56)
4. **ናይ ክብሪ ምሥጢር**
    - ኢየሱስ ካብ ሞት ከም ዝተንሥአ (ንሞት ከም ዝሰዓረ) (ዮሓ 20፡1-10)
    - ኢየሱስ ንሰማይ ከም ዝዓረገ (ሉቃ 24፡5053)
    - መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊ ሓዋርያት ብመዓልቲ ጰራቕሊጦስ ከም ዝወረደ (ግሓ 2፡1-4)
    - እግዚእትነ ማርያም ንሰማይ ከም ዝፈለሰት (ትውፊት ቤተክርስትያን)
    - እግዚእትነ ማርያም ኣብ ሰማይ ኣብ የማን ወዳ ከም ዝነገሰትን ዝኸበረትን (ራእይ 12፡1-2)

## ኣስተንትኖ ምስጢራት ድሕነትና

ካብዚ ቀጺልና ነዞም ኣብዚ ላዕሊ ዝዘርዘርናዮም ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሕይወትን ጒዕዞ ስብከተ ወንጌሉን ምስ ማርያም ኣዴና ኮይና ኣብ ጸሎተ መቑጻርያ ከነስተንትኖ ኢና። ብመጀመርያ ትርጉም እቲ እንጽልዮ ዘሎና ጸሎት ምርዳእ የድልየና።

## ጸሎት ሃይማኖት፡-

- ነዚ ጸሎት እዚ ክንደግም ከሎና፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ሓደን ስሉስ ቅዱስን ዝኾነ ኣምላኽ ምህላውና ምእማን፣ እዚ ኣምላኽ እዚ ብፍቕሩ ዝፈጠረናን ዝጓስየናን ዝናብየናን ምዃኑ ንኣምን፣
- ብዝገርም ኣገባብ በቲ ካብ ድንግል ማርያም ስጋ ዝለበሰ ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ገይሩ (ብቕዱስ ሞቱን ትንሣኤኡን) ፍቕሩ ከም ዝገለጸልናን ዘድኃነናን ንእመን፣
- በቲ ካብ ኣብን ወልድን ዚመጽእ መ- ቅዱስ ኣምላኽ እቲ ቀዳሲን መጽንዒናን መራሒናን ከም ዝኾነ ንእመን፣
- ብቕድስቲ ቤተክርስቲያኑ ቕዱስ ሕዝቢ ክንከውን ከም ዝሓረየናን ብኣ ከም ዝጓስየናን ንእመን፡ ምስ ኩሎም ቅዱሳን ሕብረት ከም ዘሎና ንኣምን፣ ከም ሕያዋን ኣእማን ኮይናን ክነብር ከም እተጸዋዕና ንዝከር፣ ብስርየት ኃጢኣት ምሕረት ኣምላኽ ከም ዘድልየና ንእመን፡ ብንስሓን ምሕረት ኣምላኽን ከም እንነብር ንእመን፣
- ብናይ ቅዱሳን ሱታፌ ማለት ከም ኣባላት መንግሥቲ ኣግዚኣብሔር ምስ ኩሎም ቅዱሳንን መላእኽትን ርኩብን ሕብረትን ምድግጋፍን ከም ዘሎና ንኣምን። ከመይ ሓዋርያ ቅ- ጳውሎስ ከም ዚብለና "ንፍሕሶ ሰይጣን ተቓዊምኩም ምእንቲ ኽትክእሉ ኣፅዋር ኣምላኽ ልበሱ። ከመይ ቅልስና ምስ ሕልቅነትን ሥልጣናትን፡ ምስቶም ንዘመን ጸልማት ዜመኃድሩ ገዛእቲ ዓለምን፡ ምስቶም ክፉኣት መናፍስትን ኣብ ሰማይ ዘለዉ እዩ እምበር ምስ ሰብ ኣይኮነን" (ኤፌ 6፡ 11-12)። "ኣብ ሰማይ ከኣ ውግእ ኮነ፣ ሚካኤልን መላእኽቱን ነቲ ገበል ተዋግእዎ። --- እቲ ገበል ከኣ በታ ሰበይቲ ተቖጥዐ። ነቶም ትእዛዝ ኣምላኽ ዚሕልዉን፡ ብዛዕባ ኢየሱስ ዚምስክሩን ዝተረፉ ዘርኣ፡ ኪዋግኦም ከደ" (ራእይ 12፡ 7-17)። ብርግጽ እዚ ናይ በይንና ወግእ ከም ዘይኮነ ንኣምን። ሰራዊት ኣምላኽ ምሳና ዚዋጋእ ኃይሊ ከም ዚኾነ ንኣምን።
- ብትንሣኤ ሙታን ብምእማን፡ ብእትመጽእ ዘለዓለማዊት ሕይወት ተስፋ ንገብርን፡ ናብኣ ክንበጽሕ ሃረር ንብልን።
- ንኣምላኽ እምነት ክውስኸና ኩሉ ግዜ ንልምን፣ ኣብ ደቂ ሰባት እምነት ከይትጠፍእ ንልምን። ኣምላኽ ነቲ እንጽልዮ ጸሎት ከምዝሰምዓና እናኣመና ብተስፋን ብትጽቢትን ብምስጋናን ጸሎት መቕጸርያና ንጅምር። ጸሎትና ኣብ እምነት እዩ ዚምርኰስ። እምነት ዘይተሓወሶ ጸሎት ኣየድምዕን እዩ። ኣብ ቅድሚ እቲ ሕያው ኣምላኽ ቀሪብና ከም ዘሎና ተረዲእና፡ ብእምነት ምስኡ ክንራኸብን (ክዛረበናን ክንሰምዖን) ተዳሊና ንቐርብ።

## ኣቦና ኣብ ሰማይ ትነብር፥-

- እዚ ጸሎት'ዚ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ንሓዋርያቱ ዝመሀሮም ጸሎት እዩ። ትሕዝቶኡ ኩሉ ዓይነት ጸሎት ዝጠርነፈ እዩ። ምሉእ ጸሎት እዩ።
- መጀመርያ ሰማያዊ ኣቦ ከም ዘሎና ንእምን፣ ኣቦ ማለት ዜፍቅርን ዝሓልየልናን ማለት እዩ። ነዚ ኣቦ እዚ ምስ ወልድን መ- ቅዱስን ነምልኾን፡ ንውድሶን፡ ነኽብሮን። ንእኡ ዚግባእ ምስጋና ከኣ ነቕርበሉ። ኣቐዲምና መንግሥቱን ጽድቁን ንደሊ ማለት እዩ። ንሱ ኣምላኽና ንሕና ሕዝቡ ክንከውን ከም እንደሊ ንገልጸሉ። ንሱ ኣብ ማእከልና ኪነግሥን ኪመርሕን ንደልዮን ንጽውዖን።
- ነቲ ነንመዓልቱ ንመነባብሮና ዘድልየና ነገራት እንልምነሉ ጸሎት ከኣ እዩ። ኣፅዋፍ ሰማይ ወይ ዕምባባ መሮር "ብክእለትና ንምገብን ንጥዕን ንጽብቕን" እንተ ዚብሉ ምገረመና። ንሕና ከኣ ከምኣቶም ብክእለትና ዘይኮነ ብሓልዮት ኣምላኽ ከም እንነብር እንዝክረሉ ግዜ እዩ። ከይተጨነቕና ድሌታትና ምእንቲ ኪመልኣልና ንኣምላኽ እንሓተሉ ሰዓት እዩ።
- ንምሕረት ኣምላኽ ንምርካብ፡ ጎዶሎታት ምዃና ተኣሚና ምሕረት ኃጢኣትና እንልምነሉን፣ ነሕዋትናን ኣሓትናን ክንምሕር ከኣ ስንድዋት ምዃና እንገልጸሉን ጸሎት እዩ። ከምኡውን ድኹማት ምዃና ስለ እንፈልጥ ኣብ ፈተና ከይንወድቕ ረዲኤቱ እንሓትሉ ሰዓት እዩ።
- ካብቲ ኩሉ ግዜ ክውሕጠና ዚጓዝም ኣንበሳ (ሰይጣንን እኩያን መናፍስትን) ምእንቲ ክንድሕንን እንልምነሉ ጸሎት እዩ። ነቲ እኩይ ናብ ሕይወትና ዜእቱ መዓጹ እንዓጽወሉ ሰዓት እዩ። ነቶም ብማእሰርቲ እቲ እኩይ ዝተታሕዙ ምእንቲ ኪፍትሑ እንጽልየሉ ጸሎት እዩ። ኣምላኽ ኬድኅነ ሓንቲ ቃል እያ እትኣክል። ብእምነት ክንጽልዮ ግና የድልየና።
- ንግሥነትን፡ ክብርን ሓይልን ናይ ኣምላኽ ጥራይ ምዃኑ ንእመንን ኣብ ቕድሚ ዕቤቱ ከኣ ትሕት እንብለሉ ሰዓትን ጸሎትን እዩ። ኣብዚ ጸሎትዚ ኣእምሮና ናብዚ ዚበልናዮ ሓሳባት ብምስትውዓል ኪገብር ኣለዎ። ኣብኡ ኪንጥሕል ይግበኣና።

## ሰላም ንኣኺ ኦ ማርያም

- ኣብዚ ጸሎት እዚ፡ ነቲ ዓቢይ ጥበበይና ዝኾነ ኣምላኽ (ኣቦን፡ ወልድን፡ መ- ቅዱስን) ንማርያም ካብ ደቂ ሰብ ወሲዱ እተደንቕ ፍጥረት ገይሩ ስለ ዝሰርሓን፡ ማሕደሪት ወዱ ኢየሱስ ክትከውን ሰለ ዘዳለዋን፡ ነቲ ኣብኣ ኣብታ ፍጥረቱ ዝገበሮ ምልኣት ጸጋ ብተመስጦ እናረኣና ንገባሪኣ ነድንቕ። ነቲ ዮሓንስ ወንጌላዊ "መጀመርያ ቃል ነበረ፣ እቲ ቃል ድማ ኣብ ኣምላኽ ነበረ፣ እቲ ቃልውን ኣምላኽ ነበረ። --- እቲ ቃል ሰብ ኮነ፡ ጸጋን ሕቅን መሊእዎ ከኣ ምሳና ነበረ፣" (ዮሓ 1፡1, 14) ዚበሎ ኣብ ማርያም ኪፍጸም ከሎ ርኢና ንድነቕ።

- “ኣማኒኤል፡ ኣምላኽ ምሳና” (ማቴ 1፡22-23) ዚተባህለ ትንቢት ኣብ ቅድሚ ዓይንና ኪፍጸም ስለ ዝረኣና ንድነቕ። ማርያም ኣብ ከርሳ ኢየሱስ ሒዛ ስለ እትመጸና፡ በዚ ዓቢይ ህያብ መወዳእታ ዘይብሉ ታሕጓስ ንሕጎስ። “እንቋዕ መጻእክልና” እናዳበልና ደጋጊምና ሰላም ንብላ።
- ኣብ መንግሥቲ ኣምላኽ ምስ ወዳ ነቲ እኩይ ርእሱ ዝጨፍለቐት እያ። ዓቢይ ተራ ዘለዋ ተዋጋኢት ጅግና-ኣደ ስለ ዘላትና ምስኣ ንሰለፍ፣ ካብኣ ነቲ እኩይ ንምስዓር ንመሃር። ንኢየሱስ ሕፃን ካብቶም ሕይወቱ ዚደልዩ ዚነበሩ ጸላእቱ ንክተድሕን ናብ ስደት ኣብ ዝባና ሓዚላ ዝሃደመትን ዘዕቀበትን ኣደ እያ፣ ሎሚ ከኣ መንፈሳዊት ኣዴና ስለ ዝኾነት ነፍስና ከይትጠፍእ ናብ ሕቑፋ ንመጽእ። ብጸሎታን በቲ ጐይታ ዚሃባ ኃይልን ጸጋን ካብቲ እኩይ ትሓብኣናን ብፍቕራ ተሙቕናን። ልዕሊ ኩሉ መንገዲ ወንጌል ካብኣ ንላዕሊ ዚፈልጦ ሰብ ስለ ዘየለቦ፡ በእዳውና ሒዛ ናብ ኢየሱስ ትመርሓና። እዚ ጸሎት እዚ ናይ ወላዲትን ውሉድን ናይ ፍቕሪ ሕሹኹሹኹ እዩ። ንነፍሲ ወከፍና ኢየሱስ ‘እነሃ ኣዴኻ” (ዮሓ 19፡27) ስለዝበለና፡ ነዴና ማርያም ኣብ ቤትና በዚ ጸሎት እዚ ነእትዋ ማለት እዩ።
- ኣዴና ማርያም ንወዳ ኢየሱስ ዚግባእ ክብሪ ወይ ኣምልኾ፡ ካባና ካብ ደቂ ሰባት ክትወስድ ኣየድልያን እዩ። እታ ብምኽንያት ትሕትንኣን ተኣዝዞኣን ኣብ ሰማይ ዓባይ ፍጥረት ዝተባህለት፡ ትዕቢት ንሰይጣን ካብ ክብሪ ሰማይ ናብ መዓሙቑ ሲኦል ዚደርበየ ምኽኑ ቅድሚ ኩልና ንሳ ትፈልጦ። መወዳድርቲ ኣምላኽ ዘይኮነትሲ ኣገልጋሊቱ እያ። ቅዱስ ገብርኤል መልኣኽ ይኹን ቕድስቲ ኤልሳቤጥ ንማርያም ኪድንቑ ከለዉ ኣይተሰከፉን፣ ከመይ ፍቕድ ኣምላኽ ይፍጽሙ ስለ ዝነበሩ። ንሕና'ዉን ከምኡ “ኣቲ ምልእቲ ጸጋ፡ ኣቲ ካብ ኩለን ኣንስቲ ዝተባረኽኪ!” እናበልና ሰላም ንብላን ንስራሕ ኣምላኽ ነድንቕን ማለት እዩ።
- “ሞናሊዛ” ሓንቲ ካብቶም ኣደነቕቲ ስራሓት ጥበብ ናይ ዓለምና እያ። ኩሎም በጻሕቲ ብኣኣ ይድነቑ። ኩሎም ከኣ ነቲ ዝሰኣላ ስነ ጥበበኛ ሌዮናርዶ ዳቪንቺ የድንቑ። እታ ስእሊ ናብቲ ሰራሒኣ እያ እተመልከት። ማርያም ከኣ ነቲ ፈጣሪኣ እያ እተድንቕ። ንሕናውን ንዓኣ ርኢና ናብቲ ሰራሒኣ ዝኾነ ኣምላኽ ኢና እንጥምት። ዓቢይ ናይ ኣምልኾ ኣምላኽ መጋበሪት እያ። እዚ ጸሎት እዚ ከኣ መሳርሒ ኣምልኾ ኣምላኽ እዩ።
- እወ ዝደጋገም ጸሎት እዩ። በታ ቀዳመይቲ ሔዋን ጠፊኡ ዝነበረ ገነት (ኣምላኽን ሰብን ብሓደ ዚነብሩላ ሰፈር)፣ በቲ ፍጹም ተኣዝዞ ማርያም ኣምላኽ ምሳና ክነብር ኣፍደገ ዝኸፈተትላ እተደንቕ ሰዓት “ቀው ኢልና” ንርኢ ማለት እዩ። ሓሲብካ ዘይውዳእ ምሥጢር! እቲ እንህቦ ግዜ ይበዝሖዶ? ምድግጋም ዘድለየ፡ ናይ ሓስብ ጸሎት ምግባር ንብዙሓት ስለ ዝኸብደና ጥራሕ እዩ። ብጸጋ መንፈስ ቅዱስ ምሥጢራት ኣምላኽ ክነስተውዕሎ ምስ ከኣልና፡ ጸሎትና ናብ ተመስጦ ስለ ዝቕየር ብቀሊሉ ኣብ ሓደ ቃል ኣምላኽ ጥሒልና ክንተርፍ ይከኣል እዩ። ክሳዕ ሽዑ ግና እቲ ምድግጋም ኪሕግዘና እዩ።

**ስብሓት ንኣብን**

- እዚ ሓጺር ጸሎት እዚ፡ ንቕድስቲ ስላሴ ዚወሃብ ናይ ክብርን፡ ውዳሴን፡ ኣምልኾን ጸሎት እዩ።
- ከምቲ ኣብ ራእይ “እቶም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኣብ ዙፋውንቶም ተቐሚጦም ዝነበሩ ዕስራን ኣርባዕተን ኣሕሉቕ ከምዚ ዚስዕብ እናበሉ ብግምባሮም ተደፊኦም ንኣምላኽ ሰገዱ፡- “ኣ ዘሎኻን ዝነበርካን፡ ኩሉ እትኽእል እግዚኣብሔር ኣምላኽ፡ ነቲ ዓቢይ ስልጣንካ ስለ ዝወሰድካዮን ስለ ዝነገስካን፡ ነመስግነካ ኣሎና።” (ራእይ 11፡16-17) ኢሎም ዜምልኽዎ ዚነበሩ፡ ከምኡ እዩ። ንሕናውን ኣብ ዙፋን ኣምላኽ ንኣቱሞ ምስቲ ኩሎም ቅዱሳን መላእኽቲ ዜቕርብዎ ምስጋን ድምጽና ንሕውስ።
- በዚ ሓጺር ጸሎት ንኣምላኽ ዝኣክል ክብርን ውዳሴን ሂብናዮ ክንብል ኣይንኽእልን። ምሉእ መዓልቲ ንኣምላኽ ክንሓስብን ብኩሉ ፍጥረታቱ ክነመስግኖን ይግብኣና እዩ።

**ንምጥቕላሉ**

ጸሎት መቝጸርያ፡ ንስራሕ ቅድስቲ ስላሴ ዜድንቕ ጸሎት እዩ። ብሓጺሩ ንወንጌል መድሓኒና ምስ ማርያም ኣዴና ኮይና እንገብሮ ናይ ተዘክሮ ጉዕዞ እዩ። ክንጅምሮ ብጸሎት ሃይማኖት ንብገስ፣ ኣቦና ኣብ ሰማይ እናበልና ነፍስና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቆይማ ከም ዘላ ንዝክር፣ ብድሕሪኡ ነታ ምድሪ ድሕነት ኣምላኽ ዝረኣየትላ ህሞት ዓሰርተ ግዜ ብኣፍና እናደጋገምና ከሎና፡ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ሓደ ምዕራፍ ሕይወቱ ብኣስተንትኖ ንጐዓዝ፣ ብኣምላኾ ንቕድስቲ ስላሴ ከኣ ነቲ ምዕራፍ ንዛዝሞ። ከምኡ ኢልና ኣብ ሓደ ምቝጻርያ ሓሙሽተ ምዕራፋት ሕይወት ጐይታና ንጐዓዝ። ብእምነትን ምስትውዓልን መዓልቲ መዓልቲ እንተጸሊናዮ፡ ብዘይጥርጥር ወንጌል ኣብ ልብና ይሕተም። ነፍስና ከኣ መዓርፎ ቃል ኣምላኽ ተኸውን። እምበኣር ቀጺልና ነቶም ምዕራፋት ሓደ ብሓደ ከነቕርቦም ኢና።

# ናይ ደስታ ምስጢር (ሰኑይን ቀዳምን)



### 1ይ ናይ ደስታ ምሥጢር፡ ቅዱስ ገብርኤል መልኣኽ ንማርያም ኢየሱስ ብኃይሊ መ- ቅዱስ ከም ትፀንስን ትወልድን ከም ዘበሰራ ምሕሳብ እዩ (ሉቃ 1፡26-38)፥-

ኣብዚ ነታ መድኃኒ ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ዝወረደላ እተደንቐ ሰዓት ኢና እንሓስብ። እዚ ንኪኸውን ማርያም “እኒኹ ኣነ ባርያ እግዚኣብሔር እየ፣ ከምቲ ዝበልካኒ ይኹነለይ” (ቊ 38) ስለ ዝበለት፡ ከምታ ቀዳመይቲ ሔዋን ብዘይምእዛዛ ገነት ዘጥፍኣት ዘይኮነስ፡ ብትሕትናኣን ተኣዝዞኣን ነቲ ሓዲስ መንግሥቲ እግዚኣብሔር ንኪትከል ንኣምላኽ መርገጺ ክትኮኖ ስለዝተወፈየት ነድንቓ። በቲ ፍቕሪ እግዚኣብሔርን ዘይብጻሕ ምሥጢራቱን ንሕጎስ። ንእግዚኣብሔር ኣቦ ነመስግኖን ነምልኾን። ንማርያም ከም ዳግማዊት ሔዋን ኣደ ኩሎም  እቶም ንኢየሱስ ወዳ ኣሚኖም ዝደሓኑ ደቂ ኣዳም ንምዃን ስለዝበቐዐት ነኽብራ። ኣምላኽ ኣብኣ ዜደንቕ ነገራት ስለ ዘገበረ ከኣ ነመስግኖ። ካብ እምነታን ትሕትናኣን ምእንቲ ከተካፍለና፡ ንኣምላኽ ኣፍቂርናን ተኣዚዝናን ምእንቲ ክንክእል ኣማልድነታ ንልምና። ኣብ ሕይወትና ንኣምላኽ “ከምቲ ዝበልካኒ ይኹነለይ” ኢልና ከም ፍቓዱ ክንነብር ምኽራን ደገፉን ንልምን። ንሕይወትና ኣምላኽ መሳርሒ ድኅነት ደቂ ኣዳም ኪገብሮ ክንፈቕደሉ ከም ማርያም ሕራይ ንምባል እንመሃረሉ ሰዓት እዩ። ከም መደብን ፍቕድ ኣምላኽን  ኣብ ሕይወትና ኪፍጸም ልብና ክንከፍትን፣ ብኣና ገይሩ ኣብ ሥድራቤትናን ብጾትናን ሰላሙን ፍቕሩን ኪዝርግሕ ምፍቕድን እንመሃረላ ሰዓት እያ።



### 2ይ ናይ ደስታ ምሥጢር፡ ማርያም ንቅድስቲ ኤልሳቢጥ ከም ዝበጽሓታን ዘገልገለታን ምሕሳብ እዩ (ሉቃ 1፡39-45)፥-

ማርያም ነታ ኣብ እርግናኣ ጠኒሳ ዝነበረት ኤልሳቤጥ ዘመዳ ክትበጽሓን ኬተገልግላን ተቐላጢፉ ከደት። ክርስቶስ ሒዛ ድማ ናብ ቤት ዘካርያስን ኤልሳቤጥን ኣተወት። ሰላም ኣምላኽ ድማ ኣወጀትሎም። ነታ ቤት ከኣ መ- ቅዱስ መልኣ። ኤልሳቤጥ “ንስኺ ካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ፣ እቲ ካባኺ ዚውለድ ሕፃንውን ዝተባረኸ እዩ። ኣደ ጐይታይ ናባይ ክትመጺኸ እዚ ካበይ ኮነለይ!” (ሉቃ 1፡43) እናበለት ንስራሕ ኣምላኽ ተድንቐ። ንማርያም ከኣ “እቲ ካብ እግዚኣብሔር ዝተነግረኪ ቃል ከም ዚፍጸም ስለ ዝኣመንኪ ብፅዕቲ ኢኺ” (ቊ 45) በለታ። እምበኣር ካብ ቅድስቲ ኤልሳቤጥ እንመሃሮ ነገር እንተሎ፡ ንማርያም ከም ኣደ ጐይታና ምቕባላ፣ ነቲ እምነታ ከነድንቕን ካብኡ ክንመሃርን። ናታ ኣብ ቤትና ምእታው መ- ቅዱስ ከም ዝዓስሎን መንግሥቲ ኣምላኽ ከም ዝሰፍሕን ይገብር። ንሳ ማሕደሩ ንልዑል ኣምላኽ ስለ ዝኾነት፡ ንኣኣ ኣብ ቤትና ክትኣቱ ክንፈቕደላ ከሎና፡ ብመጀመርታ ኣገልግሎታ ንረክብ ማለት ኣማልድነታን ንኣምላኽ ምፍቃር ምልምማድን፡ ብእምነት  ምንባርን ንምሃር። ቀጺሉ ቤትና መዕረፊ እግዚኣብሔር ይኸውንን ሰላሙ ይሰፍንን።  በቲ ዓቢይ ስራሕ ኣምላኽ ድማ ምስኣ ብሓጎስ ንኣምላኽ ነመስግን። ምስ ማርያም ኣገልግሎት ኣሕዋትን ኣሓትን ክብሪ ምዃኑ ክንርዳእ ኢና። ንማርያም ብቐረባ እናረኣኻ ምንባር፡ “ኣገልጋሊ/ሊት” እግዚኣብሔር ናብ ምዃን ትሰጋገር። “ነፍሰይ ንእግዚኣብሔር ተዕብዮ፡ መንፈሰይ ከኣ ብኣምላኽ በቲ መድኅነይ ባህ ይብሎ” (ሉቃ 1፡46-47) እናዘመርካ ምንባር ትኽእል።



### 3ይ ናይ ደስታ ምሥጢር፡ መድኃኒና ኢየሱስ ኣብ ቤተልሔም ፈረቓ ለይቲ ኣብ መብልዕ ማል ከም ዝተወልደ ምሕሳብ እዩ (ሉቃ 1፡26-38)፥-

መድኃኒ ተወሊዱልና። ንሱ ክርስቶስ ወዲ እቲ ልዑል ኣምላኽ እዩ። ንሱ ክብሪ ናይዛ ዓለም ትርጉም ከምዘይብሉ ኬረድኣና ኣብ መብልዕ ማል ተወልደ፣ ናይ ብሓቂ ብትሕትና መጸ። ነቶም ትሑታት ጓሶት ግና ብመላእኽቲ ፡ “እንሆ ንኩሉ ሕዝቢ ዝኸውን ዓቢይ ሓጎስ አበስረኩም ኣለኹ እሞ ኣይትፍርሑ። ምኽንያቱ ሎሚ መድሓኒ ክርስቶስ ጐይታ፡ ኣብ ዓዲ ዳዊት ተወሊዱልኩም ኣሎ” (ሉቃ 2፡10-11) ዚብል ብስራት ተነግሮም። ኣብ ሰማይ ከኣ ዓቢይ በዓል ተገብረ። መላእኽቲ ሰማይ ኣብ ዙርያ እቲ ሕጻን ይዝምሩን ንእግዚኣብሔር ክብሪ ይህቡን ነበሩ። ማርያምን ዮሴፍን ከኣ ጓሶት ነቲ ሕጻን ኪሰግድሉ ምስ መጹ ተገረሙ፡ ኣብታ ለይቲ እቲኣ ንበይኖም መሰኻኽር ምጽኣት እቲ መድኃኒ ከም ዘይነበሩ ተረድኡ። ማርያም ከኣ ነዚ ኩሉ ኣብ ልባ ትዓቑሮን ተዋህልሎን ነበረት (ሉቃ 2፡19)። ካብ ሰማይ ዝወረደ፡ ወዲ እቲ ንጉሥ ልዑል ኣምላኽ ዝኾነ ኢየሱስ ንምንታይ ክብሪ ዘይደለየ? ንስኻ፡ ንስኺ፡ ኣነ ካብ ሰብ-ጸጋ ወይ ደቂ ሃብታማት ቤተሰብ ክንከውን እንታይ ዘይምሃብና? መንግሥቲ ኣምላኽ ኣብ ብልዕን መስተን ሃብቲ ናይዚ ዓለምን ከም ዘየላ ክምህረና ስለ ዝደለየ እዩ። ኢየሱስ ኣብ ሞንጎ ክልተ እሙናትን ትሑታትን ኣገልገልቲ እግዚኣብሔር፡ ብናይ ማርያምን ዮሴፍን ፍቕሪ ተኸቢቡ፡ ኣብ ትሕቲ ቆላሕታ ሰማያዊ ኣቡኡን ምስ ኩሎም መላእኽቲ ክውለድ ከሎ፡ ዝጎድሎ ከም ዘይብሉ የርእየና። እቲ ሓቐኛ ሃብትን ምልኣት ሕይወትን፡ ኣብ እምነት እግዚኣብሔርን፡ ካብቲ ካብኡ ዚርከብ ፍቕርን ተስፋን ሰላምን ጥራሕ ምዃኑ የርእየና። ብናይ ስጋናን ናይ ዓለምን መለክዒታት፡  ነቲ ሰማያዊ ነገራት ክንመዝኖ ኣይንኽእልን ኢና። ሓቐኛ ሓጎስ ካብ ፍቕሪ ኣምላኽ ምስትምቓር ጥራሕ እዩ ዚመጽእ። ኢየሱስ ከኣ ፍቕሪ ኣምላኽ ክገልጻልናን፡ ናብኡ ኬብጽሓናን እዩ መጺኡ። ድኅነት ብኢየሱስ ጥራሕ ምዃኑን፡ መዓጹ ልባትና ክንከፍተሉን ከምዘሎና እንዝክረሉ ብሉጽ ጊዜ እዩ።



**4ይ ናይ ደስታ ምሥጢር፡ ማርያምን ዮሴፍን ንኢየሱስ ሕጻን ኣብ 40 መዓልቱ ናብ ቤተመቕደስ ንኣምላኽ ከም ዘወፈይዎ ምሕሳብ እዩ (ሉቃ 1፡26-38)፥-**


ኣብ ሕጊ ሙሴ “ማሕጸን ወላዲቱ ዚኸፍት ዘበለ ወዲ ኲሉ ንእግዚኣብሔር ዝተቐደሰ ይበሃል” (ሉቃ 2፡23) ዚብል ሕጊ ኪፍጽሙ ማርያምን ዮሴፍን ናብ ቤተ መቕደስ ኣቕረብዎ። ስምዖን - እቲ ጻድቕ ሰብ - ነቲ መሲሕ እግዚኣብሔር ከይረኣዮ ከምዘይመውት ብመንፈስ ይፈልጥ ነበረ። ንኢየሱስ ሕጻን ምስ ረእዮ ኣለለዮ፣ ኣብ ሕቑፉ ተቐቢሉ ከኣ ንኣምላኽ ኣመስገነ። “ንኣሕዛብ ብርሃን ንሕዝብኻ እስራኤልውን ክብሪ ዚገልጽ እዩ። --- ሓዘን ንልብኺ (ንማርያም) ከም ሰይፊ ኪስንጥቖ እዩ” (ሉቃ 2፡32) ቢሉ ከኣ ተነበየ። ካብዚ እነስተንኖ፡ ዝተወልዱ ሕጻናት ንኣምላኽ ዝተቐደሱ ኪኾኑ ግድን እዩ። ገለ ኣዴታት ብዘልምዲ ካብ ዓይኒ ሰብ፡ ካብ ጠቢብ፡ ካብ ዓይኒ ቀናእ፡ ኬድሕኖ እዩ ዚበሃል ኲሉ ይገብራ። እዚ ግጉይ ተግባር እዩ። ደቕና ንኣምላኽ ጥራይ ከነወፍዮምን፡ ብእኡ ከነባርኾምን ዝግብኣና። ከነዕብዮም ከሎና ከኣ ናይ ኣምላኽ ምኳኖም ኲሉ ግዜ ክንምህሮም ይግብኣና። ከም ቅ- ስምዖን ከኣ ኲሉ ግዜ ኣዕይንትና ናብ ድኅነት ኣምላኽ ኪጽበያ ከምዘለወን ንመሃር። ድኅነት ካብ ኣምላኽ ጥራይ እዩ ዚመጽእ። እቲ እኩይ ጸላኢና ኲሉ ግዜ ነቲ ካብ ኣምላኽ እንረኽቦ ሕጎስ ኪምንዝዕ ኪቃለሰና እዩ። ማርያምን ዮሴፍን ንኢየሱስ ኬድሕኑ ናብ ግብጺ ከም እተሰዱ ንዘክር። እንተ ጸበበና ረዲኤትናስ ኣብ ኣምላኽ እምበር፡ ካብ ሰብ ወይ ካብ ጠንቐልቲ ኣይንጸበ። ንሕና ይኹን ደቕና ናይ እግዚኣብሔር ምዃና እነስተንትነሉ ግዜ እዩ።



**5ይ ናይ ደስታ ምሥጢር፡ ኢየሱስ ወዲ 12 ዓመት ምስ ኮነ ኣብ ቤተመቕደስ ክሰግዱ ንኢየሩሳሌም ምስ ማርያምን ዮሴፍን ምስ መጸ፡ ምስቶም መማህራን (ሊቃውንቲ) ተቐሚጡ ይሰምዖምን ይሓቶምን ከም ዝነበረ ምሕሳብ እዩ (ሉቃ 1፡26-38)፥-**

ኢየሱስ ናይ ሰማያዊ ኣቦኡ ነገራት ኪፍጽም ንቃል ኣምላኽ ካብ ኣፍ ሊቃውንቲ ኪሰምዕን ኪጽንዕን፡ ኪገልጽን ንርእዮ። ቃል ኣምላኽ ምፍላጥን ምስትንታንን ሰረት ናይ ኲሉ ሕይወትና ምዃኑ ኢና እንመሃር ዘሎና። ቃል ኣምላኽ ዘይፈልጥ ሰብ መንገዲ ኣምላኽን ድላዩን ኪፈልጥ ኣይኽእልን እዩ። ንካልኦት ከኣ ነታ ቅንዕቲ መንገዲ ኪሕብሮም ኣይኽእልን እዩ። መጀመርያ ጥበብ ፈሪሓ እግዚኣብሔር እዩ (ኢዮብ 28፡28, መዝ 111፡10, ምሳሌ 1፡7) ከም ዚብለና ንኣምላኽ ኣብ ቃሉ ክንደልዮን፡ መንገድታቱ ክነስተውዕሎን ቀዳማይ ቦታ ክንህቦን ከም ዘድልየና ንመሃር ኣሎና። ደቂ እስራኤል ኣብ 12 ዓመቶም እዮም ኣብ ኣብያተ ጸሎት ምስቶም ዓበይቲ ተጸንቢሮም ቃል እምላኽ ኪሰምዑን ኬንብቡን ዚፍቐደሎም ዚነበረ። ኢየሱስ ነታ ዕድል ክጽበያ ጸኒሑ ብታሕጉስ ኪጥቐመላ ንርእዮ። ቕድሚ ኲሉ ካልእ ይሰርዓ። “ኣብቲ ናይ ኣቦይ ቤት ክህሉ ከም ዚግብኣኒዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም?” (ሉቃ 2፡40) ኢሉ ንማርያምን ዮሴፍን ብዛዕባ ምድላዮምን ምጭናቖምን ዝገንሖም ይመስል። ንቃል ኣምላኽን ንኣምልኾን ዘይንሃርፎ እንተኮይና፡ ዓቢይ ጸገም ኣሎና። ንቃል ኣምላኽ ክነስተውዕሎን ክነፍቕሮን ልብናን ኣእምሮናን ምእንቲ ኪከፍተልና ብጸሎት ንመ- ቅዱስ ንለምኖ። ብዘይብኡ ክርስቲያናዊ ሕይወትና ኪዓቢ ኣይኽእልን እዩ።

# ናይ ብርሃን ምሥጢር (ሓሙስ)



**1ይ ናይ ብርሃን ምሥጢር፡ ኢየሱስ ኣብ ሩባ ዮርዳን ብዮሓንስ ከም ዝተጠመቐ ምሕሳብ እዩ (ማቴ 3፡13-17)፥-**

ኢየሱስ ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ቅድሚ ሕዝቢ ወጺኡ መንነቱ ዝገለጸሉ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ብዮሓንስ መጥምቕ ክጥመቕ ከሎ እዩ ዝነበረ። እቲ ን30 ዓመታት ሕይወቱ ከም መንም ተራ እስራኤላዊ ክመርሕ ዝጸንሐ ኢየሱስ ወዲ ማርያምን ዮሴፍን፣ ምስቶም ናብ ዮሓንስ ኪጥመቑ ዚመጹ ዚነበሩ ሰባት ተጸንቢሩ መጸ። መንፈስ ስለ ዚገለጸሉ ግና ዮውሓንስ ኣለለዮ እሞ “ኣነ ደኣ ብኣኻ ኽጥመቕ የድልየኒ እምበር ንስኻዶ ናባይ ትመጽእ” (ማቴ 3፡14) ይብሎ። ኢየሱስ ዓቢይ ትሕትና ይምህረና። ንሕና ነቶም ኣገልገልቲ ኣምላኽ ከመይ ኢልና ነቲ ብኣታቶም ዚበጽሓና ቃል ኣምላኽን፡ ዚዕደለና ምሥጢራትን ብትሕትናን እምነትን ክንቅበል ከም ዝግብኣና የርእየና። ንሰብኣዊ ጉድለቶም እናረኣና ቃል ኣምላኽ ወይ ስጋኡን ደሙን ከይንሕሰሞ ክንጥንቀቕ ይግብኣና። ትዕቢት ኣብ ዘለዎ ድኅነት ኪኣቱ ኣይኽእልን እዩ። ብትሕትና ኢና ንድሕነት ነፍስና እነጥርያ። ኢየሱስ ምስ ተጠምቀ ከኣ “እንሆ ሰማይ ተኸፍተ፡ መንፈስ ኣምላኽ ድማ ከም ርግቢ ወሪዱ፡ ኣብ ርእሱ ኪዓልብ ረኣየ። እንሆ ድማ ‘ብእኡ ዝተሓጐስኩ ፍትዊ ወደይ እዚ እዩ’ ዚብል ድምጺ ካብ ሰማይ መጸ” (ማቴ 3፡16-17)። ሥላሴ ኣብቲ ሓዲኦም ዚዓየሉ እዋን ብሓደ ከም ዚሰርሑ ይግለጹልና። ኣብ መደብ ድሕነትና ብሕብረት ከም ዚዓዩ ንርኢ። ኣምላኽ ክሳዕ ክንደይ ከም ዜፍቅረና፡ ድሕነት ደቂ ሰብ ብቀዳምነት ሰሪዑ ኪትግብሮ ከሎ ብምልኣት ተሳትፎ ቅ- ስላሴ ኪፍጸም ንርእዮ። “እቲ ንስኻ እትዝክሮ ሰብ፡ እቲ እትሓልየሉ ወዲ ሰብሲ እንታይ እዩ” (መዝ 8፡4) ከም እንብል ይገብረና። ነዚ ኣምላኽ እዚ ኣመስጊና ክንጸግቦ ንኽእልዶ? ስሙ ንዘለዓለም ዝተባረኸን ዝተመስገነን ይኹን! ኣሜን!




**2ይ ናይ ብርሃን ምሥጢር፡ ኢየሱስ ኣብ መርዓ ናይ ቃና ዘገሊላ ንማይ ናብ ወይኒ ከም ዝለወጦ ምሕሳብ እዩ (ዮሓ 2፡1-11)፥-**

ኢየሱስ ምስ ሓዋርያቱን ምስ ማርያም ኣዲኡን ኣብቲ መርዓ ናይ ቃና ናይ ገሊላ ተዓዲሞም ነበሩ። ስብከቱ ጀሚሩስ ተኸተልቲ ተመሃርቲ ክስዕብዎ ጀሚሮም ንርኢ። እዚ መዓልቲ እዚ ንመጀመርያ ግዜ ኢየሱስ መለኮታዊ ሓይሉ ዘገለጸሉ እዩ። ነቲ ማይ ናብ ወይኒ ለዊጥዎ። ወይኒ ከም ምልክት ሓጎስ ኮይኑ፡ ኣምላኽ መንፈሳዊ ሓጎስና ኪመልኣልና ከም ዚከኣሎ ዚገልጽ ተግባር እዩ። ማርያም ኣደ ኢየሱስ ከኣ ከም ሓላዪት ኣደ፡ ሓጎስ ደቂ ሰባት ምእንቲ ኪመልእ ናብ ወዳ ትሕብረናን፡ ናብኡ ንክንመጽእ ተተባብዓናን። ከይተሓተተት ተበግሶ እትወስድ ኣደ እያ። ንሳ ናይ ኲሉ ጸገማትና መፍትሒ ዘለዎ ኢየሱስ ምዃኑ ቀዲማ እትፈልጥ ስለ ዝኾነት፡ ናብኡ ትመርሓና። "ንሱ ዚብለኩም ኲሉ ግበሩ" (2፡5) ትብለና። ቃሉ እንተሰሚዕናን ኣብ ግብሪ እንተ ኣውዒልናዮን ልባትና ምልኣት ሓጎስ ከምዚረክብ ተፍልጠና ኣላ። ንድኻነትናን ንሓጎስናን እትደሊን እተማልድን ኣደ እያ። ካብኣ እንመሃሮ ብዙሕ ኣሎ። ካባና ኣይነርሕቃ። ምስኣ ኮይና ንጐዓዝ ከመይ ኣሰራርሓ ኢየሱስ ኪትምህረና እያ። "ኦ ሕያወቲ ኣደ! ቃል ጐይታ ኢየሱስ ወድኺ ምስማዕ መሃርኒ፣ ነቲ ኣብ ልበይ ዚዝራእ ቃል ኣምላኽ፡ ናይ ስጋን ናይዛ ዓለምን ባህግታትን ካብ ልበይ ከየጥፍኦ ሓልውኒ፣ ከምቲ ኣብ መርዓ ናይ ቃና ዘገሊላ ሰባት ዘማኸርክዮም ምኽርኺ ኣይፈለየኒ፣ ንኢየሱስ ምፍቃር ምሃር።" እንብለሉ ግዜ እዩ።



**3ይ ናይ ብርሃን ምሥጢር፡ "መንግስቲ ኣምላኽ ከኣ ቐሪባ እያ እሞ ተነሰሑ፡ ብወንጌል'ውን እመኑ" እናበለ ኢየሱስ ወንጌል ኪሰብኽ ከም ዝጀመረ ምሓሳብ እዩ (ማር 1፡ 14-15)፥-**

ኢየሱስ "ነርብዓ መዓልትን ኣርብዓ ለይትን ጾመ" (ማቴ 4፡3) ብድሕሪዚ ናብ ስብከት ወንጌሉ ኣተወ። "እቲ ኣብ ጸልማት ዚነብር ዚነበረ ሕዝቢ ዓቢይ ብርሃን ረኣየ" (ማቴ 4፡16) ዚብል ትንቢት ከኣ ተፈጸመ። መንግሥቲ ኣምላኽ ክሰብኽ ጀመረ። ኢየሱስ ዓቢይን ፍሉይን ብስራት ሒዙልና ኣዩ መጺኡ። እግዚኣብሔር ከም ዜፍቕረናን ንኬድኅነና ከኣ "በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ዘበለ ዅሉ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር ከይጠፍእሲ፡ ኣምላኽ ንወዱ በጃ ክሳዕ ዚህብ ክሳዕ ክንድዚ ንዓም ኣፍቀራ" (ዮሓ 3፡16) ዚብል መልእኽቲ ፍቕሪ ገሊጹልና። ውሉድ ኣምላኽ ምዃና ፈሊጥና፡ "ነቶም ዝተቐበልዎ ዘበሉ ብስሙ ንዚኣምኑ ኵሎም ግና ውሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ፡ ሥልጣን ሃቦም" (ዮሓ 1፡12)። ደቂ ኣምላኽ ንምዃን ከኣ ከም ብሓድሽ ብመንፈስ ክንውለድ ከም ዘሎና "ብሓቂ ብሓቂ እብለካ ኣለኹ፣ ሰብ ካብ ማይን ካብ መንፈስ ቅዱስን እንተ ዘይተወልደ፣ ናብ መንግሥቲ ኣምልኽ ኪኣቱ ዚኽእል ከቶ የልቦን" (ዮሓ 3፡5) ኢሉ ነጊሩና። ብተወሳኺ "ናይ ሕይወት እንጌር ኣነ እየ፡ እቲ ናባይ ዚመጽእ ኣይኪጠምን፣ እቲ ብኣይ ዚኣምን ከቶ ኣይኪጸምእን እዩ' (ዮሓ 6፡35) እናበለ እታ ናብ ህይወት እትወስድ መንገዲ ኣርእዩና። እዚ ኲሉ ኢየሱስ እቲ መድኃኒ ምዃኑ ዚገልጽ እዩ። ብዘይ ብእኡ ከኣ ድኅነት የልቦን። ስለዚ ንኢየሱስ ምስ እንኣምንን እንቕበሎን፡ በቲ ዘርኣየና መንገዲ ምስ እንጐዓዝን ጥራሕ ኢና እንድኅን፣ ማለት ሕይወትና ትርጉም ዚህልዎ። ብኃጢኣትና ብልቢ ክንሳሕን መንገድና ክንቅይርን ንጽዋዕ ኣሎና። ናብ ቤት ኣቦና ተመሊስና ኣብ ፍቕሩ ክነብር ይሕሸና። እግዚኣብሔር የፍቕረና ምዃኑ እንዝክረሉ ግዜ እዩ።



**4ይ ናይ ብርሃን ምሥጢር፡ ኢየሱስ ኣብ እምባ ደብረ ታቦር ትርኢቱ ከም ዝተለወጠን ሰማያዊ ክብሩ ከም ዝገለጸን ምሕሳብ እዩ (ማር 9፡1-9)፥-**


ኣቐዲሙ ኢየሱስ "ካብዞም ኣብዚ ቖይሞም ዘለዉ ገለ መንግሥቲ ኣምላኽ ብሓይሊ ኽትመጽእ ከላ ክሳዕ ዚርእይዋ ዘይሞቱ ከም ዘለዉ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ" (ማር 9፡1) ኢሉዎም ከም ዝነበረ፡ ምስ ሠለስተ ሓዋርያቱ ኣብቲ እምባ ምስ ደየበ፡ ትርኢቱ ተለወጠ። "ሽዑ ኤልያስን ሙሴን ምስ ኢየሱስ ኪዘራረቡ ኸለዉ ተራእይዎም። ጴጥሮስ ከኣ ንኢየሱስ ኣብዚ ምንባር ጽቡቕ እዩ --- በሎ" (ማር 9፡4-5)። እታ ሕያው ዝኾነት መንግሥቲ ኣምላኽ ኣብ ዙርያና ከም ዘላ ዚገልጸልና ፍጻሜ እዩ። እግዚኣብሄር ኣቦን፡ ወልድን፡ መ- ቅዱስን ምስ ኲላቶም መላእኽትን ቅዱሳንን ኣብ ዙርያና ኣለዉ። ቅዱሳን ሞይቶም ዝደቀሱ ዘይኮኑስ ሕያዋን እዮም፣ ኣብ መንግሥቲ ኣምላኽ ብቀጻሊ ዚዋስኡ ምዃኖም ከኣ ንርኢ። ናይዚ መንግሥቲ እዚ ኣባላት ኢና። ከምቲ ቅ- ጴጥሮስ ኣብ መልእኽቱ ዚብለና ንሕና "ቅዱስ ሕዝቢ ጥሪት ኣምላኽ ዝኾነ ሕዝቢ" ኢና (1 ጴጥ 2፡9)። ምስቶም ቅዱስን ሕብረት ኣሎና። ኣምላኽ ከምቲ ኣዕይንቲ ጊልያ ኤልሳዕ ነብይ ዚኸፈተ እሞ "ኣብ ዙርያ ኤልሳዕ እቲ ኹረቢት ናይ ሓዊ ኣፍራስን ሰረገላታትን መሊእዎ" (2 ነገ 6፡17) ከም ዝነበረ ዝረኣየ፣ ከምኡ ኪገብረልና ንለምኖ። ኣዕይንቲ ልቦናናን እምነትናን ምስ ተኸፍተ ከኣ ኣምላኽ ኣብ ዙርያና ብመላእኽቱ ገይሩ ከም ዚሕልወና ክፍለጠና እዩ። ኣብ ምድሪ ከለና ናይ ሰማያዊ ነገራት ተኻፈልቲ ኪንከውን ዝዓደለና ኣምላኽ ክብሪ ይኹኖ። ተኻፈልቲ ናይዚ ዕድል እዚ ክንከውን ዝተጸዋዕና ምዃና እንዝክረሉ ግዜ እዩ።



### 5ይ ናይ ብርሃን ምሥጢር፡ ኢየሱስ ቅዱስ ቍርባን ከም ዝሰርዐ ምሕሳብ እዩ (ሉቃ 22፡14-20)፥-


ኢየሱስ እታ ምስ ሓዋርያቱ ናይ መወዳእታ ድራር ፋሲካ ዝበልዓላ ዕለት፡ “ኪበልዑ ከለዉ ኢየሱስ እንጌራ ኣልዓለ፡ ኣመስጊኑ ቈሪሱ፣ ነቶም ደቀ መዛሙርቱ ‘እዚ ስጋይ እዩ፡ እንኩ ብልዑ’ እናበለ ሃቦም። ጽዋዕ ኣልዒሉ ድማ ኣመስጊኑ፡ ‘እዚ ምእንቲ ብዙሓት ንኅደገት ኃጢኣት ዚፈስስ ዘሎ ናይ ሓዲሽ ኪዳን ደመይ እዩ እሞ ካብዚ ዅልኻትኩም ስተዩ’ እናበለ ሃቦም” (ማቴ 26፡ 28)። ኣቐዲሙ ኢየሱስ ንሓዋርያቱ፡ “ስጋይ ዚበልዕ ደመይውን ዚሰቲ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኣላቶ፣ ኣነውን በታ ዳሕረወይቲ መዓልቲ ኽተንሥኦ እየ። --- እቲ ስጋይ ዚበልዕ ደመይዉን ዚሰቲ ኣባይ ይነብር፡ ኣነውን ኣብኡ ይነብር” (ዮሓ 6፡54-56) ኢሉ ኣነጸሩ ተዛሪብዎም ነይሩ እዩ። ንምርድኡ ዘሸግር ዓቢይ ምሥጢር እዩ። እቲ ዘየሰሓሕት ኣምላኽ ስለ ዝበሎ ንቃሉ ብእምነት ብምቕባል ጥራሕ ኢና እንበጽሖ። እቲ ድኹም ሰብ መለኮታዊ ኃይሊ ለቢሱ ኪልወጥ እንተ ኾይኑ፡ ነዚ ካብ ሰማይ ዝወረደ እንጌራ ሕይወት ኪምገብ ኣለዎ። ቃሉ ንምገብ ስጉኡን ደሙን ከኣ ንምገብ። ናብ ኣምላኽ ንጥሕል፡ ንልወጥ። ብስጋን ብመንገዲ ዓለምን ኣይንመላለስን። ፍጹም ውሉድ ኣምላኽ ሰማያውያን ፍጥረት ንኸውን። “በቲ ሓደ ወዱ ዚኣመነ ዘበለ ዅሉ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር ከይጠፍእሲ፣ ኣምላኽ ንወዱ በጃ ኽሳዕ ዚህብ ንዓለም ኣፍቐራ” (ዮሓ 3፡16) በዚ ምሥጢር እዚ ይፍጸም። ከም ቃሉ ንግሆ ንግሆ ኣብ ቅዳሴ ነዚ ምሉእ መስዋዕቲ ምስጋና ንእግዚኣብሔር ኣቦ ነቕርበሉ ኣሎና። ኢየሱስ ከኣ ኣብ ኲለን ኣብያተክስቲያናትና ኣብ መንበረ ታቦት ኮይኑ ብፍቕሪ ይጽበየና ኣሎ። ምስኡ ዕርክነትን ምስኡ ምንባርን ከም ዝሕሸና እንዝክረሉ ግዜ እዩ። ናብ መኣዲ ኣምላኽ ምምጻእ ኣይንግደፍ!

## ናይ ሕማም ምሥጢር (ረቡዕን ዓርብን)



### 1ይ ናይ ሕማም ምሥጢር፡ ኢየሱስ ኣብ ደብረ ዘይቲ ደም ክሳዕ ዚርህጽ ምእንታና ከም ዝጸለየ ምሕሳብ እዩ (ማቴ 26፡36-46)፥-

ኢየሱስ በታ ንኽቀትልዎ ዝሓዝዎ ለይቲ፡ ድሕሪ ድራር ናብ ደብረ ዘይቲ ከም ልማዱ ኪጽሊ ኸደ። “ኣብቲ ስፍራ ምስ በጽሐ ከኣ፡ “ናብ ፈተና ኸይትኣትዉ ጸልዩ” በሎም። ንሱ ከኣ ኻባታቶም ዳርባ እምኒ ዚኣክል ረሓቐ፣ ተንበርኪኹ ከኣ “ኦ ኣቦይ! ፍቓድካ እንተ ኮይኑስ ነዛ ጽዋዕ እዚኣ ኻባይ ኣሕልፋ፡ ግናኸ ፍቓድካ ደኣምበር ፍቓደይሲ ኣይኹን” እናበለ ጸለየ። ዜበራትዖ መልኣኽ ካብ ሰማይ ተራእዮ። ኣዝዩ ተጨኒቑ ኣበርቲዑ ይጽሊ ነበረ። ረሃጹ ከኣ ከም ነጥቢ ደም ናብ ምድሪ ይወርድ ነበረ” (ሉቃ 22፡40-44)። ሓይሊ ጸልማት ብምሉእ ሓይሉ ንኢየሱስ ንኽወቕዖ ተላዒሉ ነበረ። ስጋኡ ነቲ ኲሉ ኣብ ልዕሊኡ ኪወርድ ዝነበሮ ስቓይ ብምሕሳብ ይርዕድ ነበረ። ናብ ማሕረዲ ከም ዚወርድ ሕያዋይ ገንሸል ናብ ሓረድቱ ብገዛእ ፍቓዱ ይውፈ ነበረ (ኢሳ 53፡7)። እግዚኣብሔር ብዛዕባ እቲ ንክብጀወልና ዝዳሎ ዝነበረ ወዱ ከምዚ ይብል፡ “ኪሳቐን ብመከራ ኪሕምሽሽን ፍቓደይ እዩ፣ ሞቱ ሕድገት ሓጢኣት ዜምጽእ መስዋዕቲ ነበረ። --- ንብዙሓት ኬጽድቕ፡ ኣብሳኦም ድማ ባዕሉ ኪጸውር እዩ” (ኢሳ 53፡10-11)። ኢየሱስ ደገፍ ደለየ፡ ነቦኡ ጠመተ፡ መልኣኽ ድማ ኪድግፎ መጸ። ንሕናውን ፍቕድ ኣምላኽ ክንስዕብ ምስ ቀረጽና፡ ፈተና ስለ ዚመጻና ተቃሊስና ምእንቲ ክንዕወት ናብ ኣምላኽ ክንጥምትን ረዲኤቱ ኪሳዕ ዚመጻና ክንጽልን ከም ዝግብኣና ንምሃር። እዛ ሰዓት እዚኣ ናይ ኣእምሮን ስነ-ልቦናን ኲናት እያ። ጸላኢና ቅድም ንኣእምሮና ኣላሽ ከብሎ እዩ ዝህንደድ። ብጸሎት ኣብ እግዚኣብሔር ተስፋ ምግባርን፡ ረዲኦቱ ምጽባይን፡ ብደገፍ ቅዱሳንን መላእኽትን ተሰኒና ኢና ከኣ እንስዕሮ። እምላኽ ምሳና እዩ፡ እይገድፈናን እዩ!



### 2ይ ናይ ሕማም ምሥጢር፡ ኢየሱስ ምእንታና ከም ዝተገርፈ ምሕሳብ እዩ (ዮሓ 19፡1)፥-

ንኢየሱስ ኣብ መጋባእያ ሊቃነ ካህናት ብሓሰውቲ መሰኻኽር ብብዙሕ ኸሰስዎ። ኣብ መጨረሻ “ንስኻስ ወዲ ኣምላኽ ኢኻ?” ኢሎም ሓተትዎ። ንሱ ከኣ “ኣነ ከምኡ ከም ዝኾንኩስ ንስኻትኩምኳ ትብሉ ኣሎኹም” (ሉቃ 22፡66-71) ምስ በሎም ከኣ ንኣምላኽ ስለ ዝጸረፈ ሞት ይግብኦ እዩ ኢሎም ፈረዱ። ካብኡ ናብ ጲላጦስ ኣቕረብዎ። ንሱ ግና መርሚሩስ ሓንቲኳ ኣይረኸበሉን። “እንሆ እምበኣር ናብ ሞት ዜብጽሕ ነገር ሓንቲ እኳ ኣይገበረን። ስለዚ ገሪፈ ኽፈትሖ እየ” በሎም (ሉቃ 23፡15-16)። “ብድሕሪዚ ጲላጦስ ንኢየሱስ ወሲዱ ገረፎ” (ዮሓ 19፡1)። እቲ መግረፍቱ ዘስካሕክሕ ነበረ። እቶም ወተሃደራት እናተበራረዩ ክሳዕ ዚርብርቡ ገረፍዎ። ኲሉ ቆርበቱ ተመላሊጡ ደም ክሳዕ ዚነዝዕ ገበርዎ። ኲላቶም ከኣ ዓቢይ ገበነኛ ከም ዝረኸቡ ጨፍጨፍዎ። ኢየሱስ ጥዑም፡ ኢየሱስ ሕያዋይ፡ ኢየሱስ ኃጢኣት ዘይፈልጥሲ እዚ ኹሉዶ ምረኸበ? እዚ እቲ ኣነን ንስኻትኩምን/ንስኻትንን ብበደላትና ክንረኽቦ ዚግብኣና መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ። ንሱ ዕዳና ይኸፍል ነበረ። እቲ ዝገርምሲ፡ ኢየሱስ ንነፍሲወከፍና ዝፈጸምናዮ ኃጢኣት ባዕሉ ዕዳና ፈድይዎ ክነሱ፣ ንሕና እቶም ክርስቲያን ንጉድለትን በደላትን ኣሕዋትና/ኣሓትናን ክንምሕር ዘይምድላይና እዩ። ኢየሱስ ዝተገርፈሉ ሰብሲ ዕዳኻ ኣይተኸፍለን ኣይሰደካን/ክን እየ ንብሎ። ኢየሱስ ኃጢኣትና ኬርሕቕ ስለ ዝሓመመልና፡ ንፍቕሪ ጥራይ ንስዓብ። መሓርትን ገበርቲ ሰላምን ብምኳን ንኢየሱስ ኣብ ሕማማቱ ከነጻውሮ ምርጫና ይኹን።



### 3ይ ናይ ሕማም ምሥጢር፡ ኢየሱስ ኣኽሊል እሾኽ ከም ዝተቐበለ ምሕሳብ እዩ (ዮሓ 19፡2-3)፥-

ኢየሱስ ናብ ጲላጦስ ምስ ኣምጽእዎ፡ ሓደ ካብቲ ክስታቱ "ባዕሉ 'ክርስቶስ ንጉሥ እየ' ኢሉውን ኪዛረቦም ከሎ ሰሚዕናዮ" (ሉቃ 23፡2) ዚብል እዩ ነይሩ። ጲላጦስ ግና ንኢየሱስ መርሚሩ ሓንቲ ነገርኳ ኪረኽበሉ ኣይከኣለን። ገሪፉ ኪሰዶ ወሰነ። እቶም ወተሃደራት ምስ ገረፍዎ ግና፣ መላገጺ ረኺቦም "ንጉሥ እየ" ስለ ዝበለ ሓደ ጽቡቕ ዘውዲ ነምጽኣሉ ተበሃሂሎም፣ ብእሾኽ ተቲዖም ሓደ ኣኺሊል ዚመስል ሰሪሖም ኣብ ርእሱ ገበርሉ። ብበትሪ እናጸቐጡ ድማ እቲ እሾኽ ናብ ርእሱ ከም ዝኣቱ ይገብርዎ ነበሩ። ካብ ርእሱ ከኣ ደም ኪጸርር ጀመረ። ንክትርእዮ ዘስካሕክሕ ነበረ። ስቓዩ መወዳእታ ኣይነበሮን። ንኩሉ ከኣ ምእንታይን ምእንታኻን ኢሉ ብትዕግስቲ ይጸሮ ነበረ። ንሕና ደቂ ሰብ ክብሪ ንርእስና ክንረክብ ንሓውና ንሓፍትና ንረግጽን ነወፍን። ስም ካልኦት ኣነዊርና ስምና ከነጸብቕ ንደሊ። ንጽቡቕ ተግባራት ናይ ኣሕዋትና፡ ምእንቲ ጸብለል ከይብሉና፡ ነቈናጽቦን ነነኣእሶን። እዚ ኃጢኣት ትዕቢት ከም ኣኽሊል እሾኽ ንኢየሱስ የድምዮ። ብኃጢኣት ዝተሃንጸ ክብሪ ናይዛ ዓለም እዚኣ ይትረፈና። ምስ ኢየሱስ ብኣገልግሎት ኣሕዋትን ኣሓትን ምንጋሥ ይሕሸና። ስለምንታይ ዘየኽበሩኒ ወይ ዝንዕቁኒ? ዚብል ሕቶ ኪመጸና ከሎ፡ ነቲ ከም መላገጺ ንኢየሱስ ዝተዋህቦ ናይ ሓሶት ኣኽሊል ንዘክር። ንኩሉ ንእኡ ብምሃብ ንሕለፎ። ኢየሱስ ኣብዚ ዓለምዚ ኪኸብር ኣይመጸን። ሰማያዊ ክብሩ መወዳድርቲ የብሉን። ንሱ ዝመጸ፡ ንሕና "ሕይወት ምስ ተረፉ ምእንቲ ክንረክብ እዩ" (ዮሓ 10፡10) እምበር ንሱ ኣብ ምድሪ ክነግሥ ኣይኮነን። ንሱስ ናይ ፍቕሪ ንጉሥ እዩ፡ ኣብ ልባትና ከኣ እዩ ኪነግሥ ዚደሊ። ኣብ ልባትና ምእንቲ ኪነግሥ ድማ ትሕት ክንብልን፡ ከም ጐይታን መድሕንን ብእምነት ክንቅበሎ ከሎና እዩ። ናይ ብሓቂ ኢየሱስ ንደቂ ሰብ እቲ ዝደለናዮ ሓጎስ ኬጓናጽፈና ዚኽእል ንጉሥ ንሱ በይኑ ጥራሕ እዩ።



### 4ይ ናይ ሕማም ምሥጢር፡ ኢየሱስ ዕንጸይቲ መስቀል ከም ዝተሸከመ ምሕሳብ እዩ (ማር 15:8-15)፥-

ኢየሱስ ከም ሓደ ገበነኛ ኣብ ዕንጸይቲ መስቀል ተሰቒሉ ኪመውት ተፈሪዱ። ጲላጦስ ሓንቲ በደል ከም ዘይብሉ እንዳመስከረ ከሎ ነቶም ንኢየሱስ ኬጥፍእዎ ተላዒሎም ዝነበሩ ሊቃነ ካህናትን ጸሓፍትን ፈሪሑ ከም ድላዮም ገበረሎም። ዕጫ ናይቶም ገበነኛታትን ንሥልጣን መራሕቲ እዛ ዓለምን ዝደፈሩን በጺሕዎ፣ ኢየሱስ ብዘስካሕክሕ ሞት ኪመውት ተፈርደ። እቲ ገበነኛ ኣነን፡ ንስኻን/ንስኺን፡ ኢና ነይርና። ንሱ ግና ናይ ኃጥኣትና ፍሬ ኪኸፍል ስለ ዚመጸ ነዚ ዕጫ እዚ ብፍታዉ ተቐበሎ። መስቀል ቀደም ምልክት ውርደት ዝነበረ፣ ብኢየሱስ ክርስቶስ ግና ምልክት ድኅነት ኮነ። ንኣናውን "እቲ መስቀሉ ጸይሩ ደድሕረይ ዘይስዕብ ንኣይ ኣይበቅዕን እዩ። ንሕይወቱ ዚረኽባ ኬጥፍኣ እዩ። ንሕይወቱ ምእንታይ ዜጥፍኣ ከኣ ኪረኽባ እዩ" (ማቴ 10፡38-39) ኢሉና እዩ። "ሰብ ኵሉ ዓለም ረቢሑ ነፍሱ እንተ ኣጥፍአ እንታይ ይጠቕሞ" (ማር 8፡36) ከም ዚበለና፡ ንኢየሱስ ጐይታና ተኸቲልና ስለ ፍቕሪ እንተ ተሳቐና ኣብ መንግሥቲ ኣምላኽ ኣኽሊል ዓወት ንዘለዓለም ክንጭብጥ ኢና። ነዚ ቃል ክርስቶስ ኪፍጽሙ፣ ምእንቲ ፍቕርን፡ ሓቅን ርትዕን፡ ምእንቲ ንትእዛዝ ኣምላኽ ከይጥሕሱን ክንደይ ሰማዕታት ሕይወቶም ሂቦም ዘይሓለፉ። "ስለ ስመይ ከኣ ብኹሉ ሰብ ዝተጸላእኩም ክትኮኑ ኢኹም" (ማቴ 10፡22) ከመይ ምስቲ ሰራቒ፡ ዓማጺ፡ ሓሳዊ፡ ንረብሓኡ ኢሉ ነገራት ዚጠማዝዝ ሰብ ሕብረት ኪህልወካ ስለ ዘይትደሊ። ኣብ ኃጢኣት ዚነብር ንጽድቂ ኪጻወሮ ኣይክእልን እዩ። ንክብለጸልካ ዚደሊ ክትገድፈሉ ከሎኻ እቲ ኣብ መስቀል ዜብጽሕ ፍቕሪ ትምስክር ኣሎኻ ማለት እዩ። ንፍቕሪ - ከምታ ኢየሱስ ዚመሃረና ፍቕሪ - ሒዝና ደድሕሪ ኢየሱስ ክንከይድ ከሎና ተቓውሞን ስደትን ስቓይን ኪበጽሓና እዩ። ሰባት ኣይተረድኡንን ኢልካ ጸዋዕታኻ/ኺ (ምንኲስና ወይ ቃል ኪዳን) ደርቢኻ ይይክየድን። ብፍቕሪ ምስ እንስከሞ፣ ኣብ መወዳእታ ሓጎስን ሰላምን ኣምላኽ ደሚቑ ኪበርህ እዩ።



### 5ይ ናይ ሕማም ምሥጢር፡ ኢየሱስ ኣብ መስቀል ተሸንኪሩ ምእንቲ ኃጢኣትና ከም ዝሞተ (ማር 15፡3341, ማቴ 27፡45-56)፥-

ኢየሱስ ዕራቑ ኣብ መስቀል ተሸንኪሩ ምእንታና ሞተ። "ንኻልኦት የድኅን ነበረ፣ ንሱ ክርስቶስ፡ ናይ ኣምላኽ ሕሩይ እንተ ኾይኑስ ርእሱ የድኅን" (ሉቃ 23፡35) እናበሉ ሰባት የላግጽሉ ነበሩ። ድሕሪ ሞት፡ ብስጋ ኲሉ ተወዲኡ ነይሩ። ብዓይኒ ዓለም፡ ጸላእቲ ኢየሱስ ተዓዊቶም። መንግሥቲ ጸልማት (እቲ እኩይ) ቃል ኣምላኽ ሓንሳብ ንሓዋሩ ካብ ገጽ ምድሪ ዚጠፍአ ስለ ዝመሰሎ ብዓወት ጨደረ። ንሓይሊ ፍቕሪ ኣምላኽ፡ ሞትውን እንተ ኾነ ክዓግቶ ዚከኣል ኣይኮነን። ብመስዋዕቲ ክርስቶስ ዕዳ ኃጥያትና ስለ ዝተኸፍለ፡ ካብ ሞቕሕ ሰይጣን ኣምለጥና። "እንሆ ከኣ መጋረጃ ቤተመቕደስ ኣብ ላዕሊ ክሳዕ ታሕቲ ኣብ ክልተ ተተርተረ፣ ምድሪ ኣንቀጥቀጠት፣ ኣኻውሕ ድማ ተጨዱ። መቓብራት ተኸፍተ፣ ሞይቶም ዚነበሩ ናይ ብዙሓት ቅዱሳን ሬሳታት ድማ ካብ ሞት ተንሥኡ። ድሕሪ ትንሣኤኡ ድማ ካብ መቓብራት ወጺኦም ናብታ ቅድስቲ ከተማ ኣተዉ። ንብዙሓትውን ተራእይዎም" (ማቴ 27፡51-53)። እቶም ፍቕሪ ክርስቶስ ዝተቐበልና ክርስቲያን፡ ብተጻብኦ ስጋ ዓለም ወይ ሰይጣን ኣይንጠፍእን ኢና። ነታ ኣብ ልባትና እትነድድ ፍቕሪ ክርስቶስ ሞትኳ ኬጥፍኣ ኣይኽእልን እዩ። ናይ ኣምላኽ ስለ ዝኾና፡ "ብሩባ ሩባ ድነ ሞትኳ እንተኸድና፡ ክፉእ ኣይንፈርሕን ኢና" (መዝ 23፡4)። ኣብ መስቀል ክርስቶስ ኃጢኣትና ንሰቀል ከምዘሎና ንዘክር። ደጊም ንኃጢኣት ክንመውት ይግብኣና እዩ። ዓቢይ ኃጢኣት ኣብ ሕይወትና መንበሪ ቤት ክህልዎ የብሉን። ብደም ክርስቶስ ዝተዓድግና ክንዲ ዚኾና፡ ናይ ክርስቶስ ሕይወት ይሃልወና!

# ናይ ክብሪ ምሥጢር (ሰሉስን ሰንበትን)



### 1ይ ናይ ክብሪ ምሥጢር፡ ኢየሱስ ካብ ሞት ከም ዝተንስአ (ንሞት ከም ዝሰዓረ) ምሕሳብ እዩ (ዮሓ 20፡1-10)፥-

ክርስቶስ ተሢሲኡ እዩ። ንሱ ሕያው እዩ። “ንምንታይከ ነቲ ሕያው ምስ ምዉታት ትደልያኦ ኣለኽን? ንሱስ ተንሢኡ እዩ፣ ኣብዚ የሎን” (ሉቃ 24፡5-6) ዚብል ቃል ካብቶም መላእኽቲ ነተን ሕያዎት ኣንስቲ ዝተባህለን ቃል እዩ። ንሳተንውን ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ክመውትን ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ኪትንሥእን ምኽኑ ዚነገሮም ቃል ሰሚዐን ነይረን እየን። ኩላቶም ግና ረሲዖምዎ ነበሩ። ንሕናውን ሕያው ምኽኑ ንርስዖ ኢና። ኢየሱስ “እንሆ ድማ ክሳዕ መወዳእታ ዓለም፣ ኹሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ” (ማቴ 28፡20) ኢሉና ክነሱ፣ ምሳና ከም ዘሎ ገይርና ኣይረአናዮን። ምሳኻ ንዘሎ ተዛርቦ፡ ትሓቶ፡ ትሰምዖ። ሓገዙ እንተ ደሊኻ ከኣ ናብኡ ትጐዪ። ስለምንታይ ኢና ምስዚ ኩሉ ጸገማትና ንበይንና እንጋደል? ኢየሱስ ሕያው እሞ ከኣ ጐይታይ መድሕነይን እንተ ኮይኑ፡ መዓልቲ መጸ ምስኡ ዘይራኽብን፡ ዘይመክርን፡ ደገፉ ዘይደልን እንተ ኮይነ፣ ገለ ጸገም ኣሎኒ ማለት እዩ። እምነት ይጐድለኒ ኣሎ ወይ ከኣ ኢየሱስ ሕያው ምኽኑ ኣይፈለጥኩን ማለት እዩ። ብዙሓት ክርስቲያን ንኢየሱስ ሕያው ኣምላኽ፡ ሎሚ ምሳና ዚዋሳእ፡ ኣብ ሕይወትና ዚግደስ፡ ዜፍቅረና መድኃኒና ምኽኑ ዝፈለጡ ኣይመስሉን። ነዚ ጸሎት ክንገብር ከሎና፡ ቤተክርስቲያን “ኢየሱስ ተንሢኡ እዩ፣ ሕያው እዩ፣ ከም ታሪኻዊ ሰብ ቀደም ዚነበረ፡ ሎሚ ግና ዘየሎ ጌርካ/ኪ ኣይትውሰዶ” እያ እትብለና ዘላ። ስለምንታይ ተስፋ ንቑርጽ? ስለምንታይ ንበይንና ዘሎና ኮይኑ ዚስምዓና? እቲ ሕያው ዚኾነ ቃል ኣምላኽ ብእምነት ስለ ዘይተቐበልናዮን፣ ኣብ ጸሎት ንኢየሱስ ክንረኽቦ ስለ ዘይከድናን፡ ስለ ዘይጸዋዕናዮን እዩ። “ኦ ኢየሱስ ተድልየኒ ኢኻ። ኣብ ሕይወተን ንዓ። ንቃልካ ግለጸለይ፡ ተዛረበኒ ክሰምዓካ ከኣ ዜስተዕል ልቢ ሃበኒ። መ- ቅዱስካ ኣብ ልበይ ኣፍስስ። ሕያው ምኽንካ ኣርእየኒ!” እናበልና ብእምነት ንጸሊ። ኣብ ልብና፡  ወይ በሕዋትና ኣሓትና፡ ወይ ብቃል ቅዱሳት ጽሑፋት ክዛረበና ከኣ ንጸበዮ። እምበር ኢየሱስሲ ሕያው እዩ!



### 2ይ ናይ ክብሪ ምሥጢር፡ ኢየሱስ ንሰማይ ከም ዝዓረገ ምሕሳብ እዩ  (ሉቃ 24፡5053)፥-

“ሽዑ ኢየሱስ ንወጻኢ ኽሳብ ቢታንያ ወሰዶም፣ ኢዱ ኣልዒሉውን ባረኾም። ኪባርኾም ከሎ ከኣ ካባቶም ተፈልየ፣ ናብ ሰማይውን ዓረገ። ንሳቶም ከኣ ሰገድሉ፣ ብብዙሕ ሓጎስውን ናብ ኢየሩሳሌም ተመልሱ” (ሉቃ 24፡50-52)። ባዕሉ ኢየሱስ “ድሕሪ ሕጂ ግና ወዲ ሰብ ኣብ የማን ኃይሊ እግዚኣብሔር ተቐሚጡ ብደመና ሰማይ ኪመጽእ ከሎ ክትርእይዎ ኢኹም እብለኩም ኣሎኹ” (ማቴ 26፡64) ኢሉዎም ነይሩ እዩ። ኢየሱስ ድሕሪ ትንሥኤኡ ነርብዓ መዓልቲ ንሓዋርያቱ እንዳ ተመላለሰ ኣጸናኒዕዎምን ኣበራቲዕዎምን እዩ። ጐይታ ኢየሱስ ካብ ኣቦኡ ዚተዋህቦ ተልዕኮ ፈጺሙ ናብ ሰማያዊ ክብሩ ኪምለስ ንርእዮ ኣሎና። ምድሪ ምስ ሰማይ ዓሪቑ ይምለስ ኣሎ። ንላዕሊ ንጥምትን ንኣምላኽ ንሓስብን። ኣብኡ እቲ ዚጣበቐልና ኢየሱስ ጐይታን መድኃኒን ከም ዘሎና ንኣምን። መንግሥቱ ምሳና ከም ዘላን ከም እተቐበልናያን ንፈልጥ ኢና። ንሱ ንጉሥና እዩ። ኣብ ሰማያዊ ዙፋኑ ብመላእኽቱን ቅዱሳኑን ተኸቢቡ ብኽብሪ ይንግሥ ኣሎ። “ስለዚ ንክብሪ ስም ኢየሱስ፡ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን ዘሎ ኲሉ ፍጥረት፡ ብብርኩ ኪምብርከኽ እዩ። ንኽብሪ እግዚኣብሔር ኣቦ ኸኣ፡ ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታ ከም ዝኾነ፡ ብጋህዲ ኪእመን እዩ” (ፊሊ.ጲ. 2፡10-11)። በዚ ምሥጢርዚ ከኣ ኢየሱስ ጐይታ ሕይወትን ሞትን ምኽኑ ንእምነን ንሰግደሉን ኣሎና። “እቶም ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን ኣብ ባሕርን ኣብኣቶም ዘለዉ ኹሎም ፍጡራት ድማ፡- ‘ውዳሴን ክብርን ግርማን ሥልጣንን ነቲ ኣብ ዙፋን ተቐሚጡ ዘሎን ነቲ ገንሸልን ይኹን!” (ራእይ 5፡13-14) ይብሉ ኣለዉ፣ ንሕና ከኣ ምሳታቶም ክንብል ይግብኣና እዩ።



### 3ይ ናይ ክብሪ ምሥጢር፡ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊ ሓዋርያት ብመዓልቲ ጰራቕሊጦስ ከም ዝወረደ ምሕሳብ እዩ (ግሓ 2፡1-4)፥-

“ኣብ መበል ኃምሳ መዓልቲ ድኅሪ ፋሲካ ዚውዕል በዓል፡ ኩላቶም ኃቢሮም ብሓንሳእ ነበሩ። ብሃንደበት ከኣ ኸም ሓደ ብርቱዕ ህቦብላ ንፋስ፡ ካብ ሰማይ ድምፂ መጸ። ነታ ተቐሚጦምላ ዝነበሩ ቤትውን መልኣ። ልሳናት ሓዊ ሲመስል ድማ ተራእዮም፣ ተመቓቒሉ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ነፍሲወከፎም ዓለበ። ንኹሎም ከኣ መንፈስ ቅዱስ መልኦም፣ መንፈስ ቅዱስ ኪዛረቡ ከም ዚሃቦምውን ብካልእ ቋንቋታት ኪዛረቡ ጀመሩ” (ግሓ 2፡ 1-4)። እዚ እቲ ኢየሱስ ”ተስፋ ኣቦ ተጸበዩ እምበር ካብ ኢየሩሳሌም ኣይትውጽኡ” (ግሓ 1፡4) ዝበሎም እዩ ዝተፈጸመ። ቤተክርስቲያን ስብከተ ወንጌል ዝጀመረትሉ ዕለት እዩ። ኩላትና ክርስቲያን እንቕበሎ ኃይሊ እዩ። እቲ ሳልሳይ ኣካል ቅድስቲ ሥላሴ እዩ። ንሱ ኣብ እምነት የጽንዓና፡ ብርቱዓት መስከርቲ ክርስቶስ ይገብረና፣ ናብ ኩሉ ሓቂ ይመርሓና፡ በቲ ሕቡእ ኃጢኣትና ይረትዓና፣ ናብ እምላኽ ብንስሓ ክንምለስ ዚገብረና ከኣ ንሱ እዩ (ዮሓ 15፡16, ዮሓ 16፡7-15)። በዛ ሰዓት እዚኣ ኩሉ መዓልታት ሕይወተይ ንመንፈስ ቅዱስ ልበይ ዚኸፍት ምኽነይ ዘይምኽነይ ዜስተንትነሉ እዋን እዩ። ንመንፈስ ቅዱስ ኣብ ሕይወተይ ደጊመ ደጋጊመ ዝዕድመሉ ግዜ እዩ። ‘ንዓ መንፈስ ቅዱስ ብቑዕ መስካሪ ክርስቶስ ግበረኒ፣ ንኣምላኽን ነሕዋትን/ኣሓትን ዜገልግለሉ ክእለትን ጸጋን ሃበኒ” እንብለሉ ሰዓት እዩ። ንኩሎም መራሕቲ ቤተክርስቲያን ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖም ንኪዓዩን፡ ነቢያዊ ተልእኮኦም ምእንቲ ኪፍጽሙን ምእንትኦም ንመንፈስ ቅዱስ እንጽልየሉ ግዜ እዩ። ኹላትና ክርስቲያን ብፍቕርና ናይ ክርስቶስ ኮይና እንበርሃሉ ኃይሊ ክህበና እንጽልየሉ ግዜ እዩ።



**4ይ ናይ ክብሪ ምሥጢር፡ እግዚእትነ ማርያም ንሰማይ ከም ዝፈለሰት ምሕሳብ እዩ (ትውፊት ቤተክርስትያን)፥-**

ማርያም ኣደ ኢየሱስ እታ “ምልእተ ጸጋ”፡ ኣብ ኢድ ሓዋርያት ከም ዝዓረፈትን ከም ዝተቐብረትን ይፍለጥ። ጸኒሖም ናብ መቓብራ ምስ ተመልሱ ግና ስጋኣ ክረኽቡ ኣይከኣሉን። ኣምላኽ ንእኖና ማርያም ብመላእኽቲ ናብ ሰማይ ከም ዝወሰዳ ተረድኡ። እዚ ማለት ብኃይሊ ኣግዚኣብሔር ስጋኣ ከይተበላሸወ ንሰማይ ናብ ክብሪ ወዳ ከም ዝተጸምበረት ቤተክርስቲያን ትኣምን። ከመይ ኮይኑ ኢልና እንሽገረሉ ምኽንያት የብልናን፡ ከመይ ንሄኖክን ንኤልያስን ኣምላኽ እቐዲሙ ንሰማይ ከይሞቱ ወሲዱዎም እዩ። “ሄኖክ ድማ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ይነብር ነበረ። ኣምላኽ ስለ ዚወሰዶ ድም ተሠወረ” (ዘፍ 5፡24)፣ “ኤልያስ ድማ ብህቦብላ ንፋስ ናብ ሰማይ ዓረገ” (2 ነገ 2፡11) ዚብል ነንብብ ኢና። ሓዲሽ ተርእዮ ኣይኮነን። ምልክት ናይቲ ቀዳማይ ፍጥረትና ማለት ኣብ ገነት ዝተዋህበና ሕይወት እዩ። ኣዳማን ሔዋንን እንተ ዘይኃጥኡ፡ ስጋ ግዜኡ ምስ ኣኸለ ከም ድቃስ ናብ ዘለዓለማዊ ሕይወት ምሰገረ ነይሩ። እታ ትሕትን ብጸጋ ኣምላኽ ዓባይን ፍጥረትን ኣደ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብክብሪ ንሰማይ ምፍላሳ ዘገርም ኣይኮነን። ምስ ወዳ ኮይና ኣብ ኩሉ ሕማማቱን ስቕለቱን ሞቱን ዝተሳተፈት፣ ኣብ ዓወቱ ከኣ ቀዳመይቲ ተሳታፊት ኮይና ክትከብር ይግብኣ እዩ። ንሕናዉን ብሳላ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ዘለዓላማዊ ሕይወት ኣሎና። ኣብ መንግሥቲ ጐይታ ክንኣቱን ምስ ኩላቶም ቅዱሳንን መላእኽትን ንዘለዓለም ኪንሕጐስ ኢና። ንሕናውን ንጐይታ ኢየሱስ ብእምነትን ብንስሓን ብምሉእ ልብና እንተ ተቐቢልናዮን ስዒብናዮን፣ ሓደ መዓልቲ ናብታ ሰማያዊት ቤትና ብነፍስን ብስጋን ክንግዕዝ ኢና። ሰማዕቲ ቃሉን ፈጸምቱን ጥራሕ ይግበረና! ኦ ማርያም ኣዴና ተኸፊልቲ ሰማያዊ ክብርኺ ምእንቲ ክንከውን ብኣማልድነትኪ ርድእና!



**5ይ ናይ ክብሪ ምሥጢር፡ እግዚእትነ ማርያም ኣብ ሰማይ ኣብ የማን ወዳ ከም ዝነገሰትን ዝከበረትን ምሕሳብ እዩ (ራእይ 12፡1-2)፥-**

“ዓቢይ ትእምርቲ ኣብ ሰማይ ተራእየ፡- ፀሓይ ዝተወንዘፈት፡ ወርኂ ብእግራ ዝረገጸት፡ ዓሰርተ ክልተ ከዋኽብቲ ከም ኣኽሊል ኣብ ርእሳ ዝደፍአት፣ ሓንቲ ሰበይቲ ተራእየት። --- ንሳ ንኩሎም ኣሕዛብ ብበትሪ ሓጺን ኪጓስዮም ዘለዎ ወዲ ወለደት። እቲ ወዳ ኸኣ ናብ ኣምላኽን ናብ ዝፋኑን ተመንጢሉ ተወስደ” (ራእይ 12፡1፣ 5)። ንኹሎም ኣሕዛብ ዚገዝእ ወዲ ዘለዋ ኣደ እቲ ጐይታና ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ጥራሕ እያ ክትከውን እትኽእል። ኢየሱስ ዙፋን ናይ ኣቡኡ ዳዊት ዝወስድ ንዘለዕለም ዚነግሥ ንጉሥ እዩ። ማርያም ድማ ንግሥቲ-ኣደ እያ። ኣብ እስራኤል ንግሥቲ-ኣደ ኣብ ትሕቲ ወዳ ዓቢይ ሥልጣንን ክብርን ከም ዝነበራ ይፍለጥ። ንንጉሥ ወዳ ክትመኹሮን፡ ምእንቲ ሕዝቢ እተማልድን እያ ዝነበረት። ማርያም ከኣ ነዚ ዚመስል ሥልጣን ሒዛ ኣብ የማን ወዳ ነጊሣ ትርከብ። ኢየሱስ ብምስላ ገይሩ፡ ነቶም ንሱ መኽሊት ወይ ቕርሺ ዝሃቦም ሰሪሖም ዘፍረይሉ እሞ፡ “ብውሑድ እሙን ኮይንካ ኢኻሞ፡ ኣብ ዓሰርተ (ሓሙሽተ) ኸተማ ሸይመኻ ኣሎኹ” (ሉቃ 19፡ 11-19) እናበለ ከም ዘኽብሮም ዝነገረና፡ ልክዕ ከምኡ ድማ ኣብ ማርያም። መን ካብ ደቂ ኣዳም ካብ ማርያም ንላዕሊ “ባርያ እግዚኣብሔር” ኮይኑ ብትሕትናን ተወፋይነትን ዜገልገለ ኣሎ? ኣብ ምድሪ ትሕቲ ኩሉ ኮይና ዘገልገልትና ኣብ ሰማይ ልዕሊ ኩሉ ኮይና ክትነግሥ ይግባኣ እዩ (ማር 9፡35, ማቴ 18፡ 4)። ናታ ክብሪ ክብርና እዩ። ኩላትና ሰዓብቲ ክርስቶስ ከኣ በብዓቕምና ኣብ ሰማይ ክንከብርን ክንሽየምን ኢና። ነዚ ምሥጢር ዚ ክንሓስብ ከሎና፡ ነታ ከኣሊት ንግሥቲ-ኣደ ክትድግፈና ንለምና። ከምቲ ንወዳ ሕፃን ኢየሱስ ካብቲ እኩይ ሄሮድስ ኬተድኅኖ ዝተኸላኸለት፡ ከምኡ ካብቲ ኬጥፍኣና ዚህንደድ ሰይጣን ብኣማልድነታ ኬትድኅነና ንለምና። ምእንቲ ንኣና ኃጥኣን ኩልና ንለምና። ክትረድእ ሥልጣንን ኃይልን ካብ ወዳ ተቐቢላ እያ። ነዚ ኩሉ ኢና እነስተንትን ኣብ ልብና ኪሕተምን እንጽልን ዘሎና።

## መደምደምታ

እምበኣር ከም ዝረኣናዮ፡ ብጸሎት መቑጸርያ ንወንጌል ኢና ኣንስተንትን። እቲ ብብዝሒ እንደጋግሞ “ሰላም ንኣኺ” ዚብል ጸሎት ከኣ ሕመረት ናይ ወንጌል እዩ። ነቲ ዜደንቕ ጥበብ ናይ እግዚኣብሔር ስራሕ ወይ ናይ ድኅነትና ተግባርን - ማለት ናይ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ከርሲ ማርያም ምጽናስን ምላድን - ናይታ ፍጹም ተኣዛዚት ብትሕትነኣ እትልለ ባርያ እግዚኣብሔርን ንድኅነትና ምትሕብባርን እናደጋገምና ብምሕሳብ እንጽልዮ ጸሎት እዩ። ስራሕ ቅ- ሥላሴ እናድነቕና እንጽልዮ ጸሎትን፡ ምስ ማርያም ነቲ ምድራዊ ሕይወት ኢየሱስን እንኸዶ ጉዕዞን እዩ። እንተ ፈሊጥናዮን ብእምነት ጸሊናዮን ብዙሕ ሰማያዊ ጸጋታት ከፍስሰልና ዝኽእል ጸሎት እዩ። ንጠቐመሉ። እቲ እነውስኦ ዘሎና ቃል እግዚኣብሔር ብእዝንና ኣቢሉ ናብ ኣእምሮናን ልብናን ክኣቱን ኪዛረበናን ክንሰምዖን እነተ ዘይፈቒድና ግና ፍሬ ዘይብሉ ኣሰልቻዊ ስራሕ ኪኾነና እዩ። ካብኡ ምህዳም ከኣ መኽሰብ ኪመስለና እዩ። ምስ እግዚኣብሔር ምውጋዕ ግና ናይቶም ዕድለይናታት እዩ። ከምተን ለባማት ደናግል ቀንዴለን ብዝይምቕራጽ ኪበርህ ኣብ ጢናአን ዘይቲ ዝተማልኣ (ማቴ 25፡4)፡ ከምኡ ከኣ ንኣና እዚ ጸሎት እዚ መርዓዊ ክሳዕ ዚመጽእ ዜጽንሓና ዘይቲ እንመልኣሉ ጥበብ እዩ። ነስተውዕል! ሰኣን ፍልጠት ቃል ኣምላኽ ከይንጠፍእ ንጠንቀቕ። ኣምላኽ ነዚ ምግባር ይሓግዘና!

**ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም**